# ኣመንቲ

ስቲፋኖስ ኣልመዶም

## ብሰናይ ግብርም ይልለዩ

ናይ ንግሆ ንግሆ ትምህርትታት ናይ መበል 23 ዓመታዊ ጉባኤ ናይ ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን፡ ብዛዕባ ሰዓብቲ ክርስቶስ ዝልለዩሉ መለኮታዊ ባህርያት እዩ ነይሩ። ሓንቲ ካብዚኣን ድማ፣ "ኣመንቲ ብሰናይ ግብሮም ይልለዩ" ይብል። እሞ ነዚ ኣርእስቲ እዚ፣ ሸሞንተ ዓበይቲ ሕቶታት ኣልዒልና ነተኩረሉ።

### 1. ክርስትያናት ዝልለዩሉ ሰናይ ግብሪ እንታይ እዩ?

ብሓፈሻዊ፣ ሰናይ ግብሪ፣ ክርስትያናዊ ግዴታ፣ ቅድም ንኻልኦት ከምኡ ድማ ንገዛእ ርእስኻ ዝብርከት፣ ኣምላኽ ባህ ዝብለሉ፣ ብፍታውን ልግስን ዝትግበር፣ ናይ ራህዋን ደገፍን ኣገልግሎት እዩ ክብሃል ይከኣል። እቲ ሕጂ እነተኩረሉ ዘሎና ንኻልኦት ዝምልከት እዩ እሞ፣ ንክርስትያን ሰናይ ግብሪ፣-

#### ሀ. ኣገልግሎት እዩ፣

ሰናይ ግብሪ ጊዜኻ፣ ጉልበትካ፣ ንብረትካ፣ ንረብሓ ካልኦት ዝግበር ኣገልግሎት እዩ። ክርስትያን ብኣገልግሎቱ ዝልለ ድማ ዝዓበየ ኣርኣያኡ እቲ ኣገልጋሊ ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ እዩ። (ማቴ 20፣28) ኣብ መስቀል እናተሳቐየ ከሎ እኳ ምግልጋል ኣየቋረጸን። ነቲ ምስኡ ተሰቒሉ ዝነበረ ወንጀሌኛ ዝፈጸሞ ኣገልግሎት ኣብ ወንጌል ሉቃስ 23፣39-43 ንዕዘብ። ኣብ መስቀል ከሎ ከም ውላዳ ኰይኑ ኪሓልየላ ንማርያም ኣዲኡ ንዮሃንስ ሕድሪ ይህቦ። (ዮሃ 19፣25-27) ኣደይ ተሬሳ፣ "ኣገልግሎት ሰናይ ግብሪ፣ ፍቕርና እንገ ልጸሉ ኣገባብ ኢዩ፣" ይብላ፣፣

#### ለ. ናይ ፍታው ግዴታ እዩ፣

ክርስትያን ሰናይ ንኽገብር ፍቓድ ኣምላኽን ትእዛዝ ኣምላኽን ከም ምዃኑ ተረዲኡ ሓንጎፋይ ኢሉ ዝቕበሎ፣ ፈትዩ ድማ ዘማልአ ሓላፍነት እዩ።(ኤፌ 2፣10) ስለዚ ባህ ኢሉካ እትገብሮ ቅጭ መጺኡካ ኸኣ እትጥንጥኖ ስለ ዘይኰነ ናይ ግዲ እዩ።

ከምቲ መክሊቱ ዝቐበረ ክርስትያን ሓላፍነትን ዕድልን ናይ ሰናይ ምግባር ኪቕበር ዘይብሉ መክሊት እዩ። ከምኡ ድማ ከምቶም *'መኣስ እሞ ደኣ ፈሊጥና'* ዝበሉ እሞ፣ ዝዘንግዑ፣ ኣብ ኩነኔ ዘውድቕ እዩ። (ማቴ 25፣31-46) ጳውሎስ ኣብ 2ይ ቈረ 5፣14 ፍቕሪ ክርስቶስ ከም ዝድርኾ ይጠቅስ እሞ፣ ክርስትያናት ንሰናይ ግብሪ ውፉያት ክኾኑ ናይ ፍታው ግዴትኦም እዩ።

#### ሐ. ምርሃውን ምድጋፍን ካልኦት እዩ፣

እቲ ሕያዋይ ሳምራዊ ንእግሪ መገዱ ዝተወጸዐ ሰብ ኣጋጢምዎ ዝገበሮ ሰናይ መለበሚናን ኣርኣያናን እዩ። እቲ ካህን ወይስ እቲ ሌዋዊ ነዚ ውጹዕ ክርህዉሉ ዕድል ነይሩዎም ግና ኣይተጠቕምሉን። እቲ ሳምራዊ ዘርኣዮ ድንጋጸን ተግባርን ግና ብሓቂ መስተንክር እዩ። ነፍሲ ወከፍና ድማ ከነገልግል ዕድል ኣሎና። የምልጠና ምሕዳገ ኾነኔ እዩ ዜኸትል እሞ፣ ንጠቐመሉ፣፣ (ሉቃ 10፣25-37)

#### መ. መስዋእቲ እዩ።

ሰናይ ግብሪ ጊዜ ምስ ረኸብካ ንገዛእ ርእስኻ እትጥቀመሉ ንብረትን ጉልበትን ምስ ተረፈካ ንኻልኦት እተበርክቶ ትኳቦ ኣይኰነን። ጨው ሓቒቑ ከም ዘመቅር፣ ጥዋፍ ድማ ተቓጺሉ ከም ዘብርህ ኣገልግሎት ሰናይ ግብሪ ድማ መስዋእቲ ይሓትት። (ማቴ 5፣13-16) ስስዔን ኣነ ቅድምን ኣብ ዝዓዘሉ ኣገልግሎት ሰናይ ግብሪ ኪህሉ ኣይከኣልን እዩ።

### 2. ዕላማ ሰናይ ግብሪ ንክርስትያን፣ እንታይ እዩ?

#### ሀ. ንምርሃው ወይ ንምድጋፍ ድኣ 'ምበር ንሽቀጥ ኣይኰነን።

ዕላማ ሰናይ ግብሪ ሸቀጥ ኪኸውን ከሎ ኣተኩሮ እቲ ሸቃጣይ ረብሓ ገዛእ ርእሱ ስለ ዝኾነ ኩሉ ዚገብሮን ዝጽዕሮን ዝህቦን ድማ ኣዝዩ ንኽረብሕ ድእ እምበር ምእንቲ ረብሓ ካልኦት ኣይኰነን፣፣ እሞ፣ ሸቃጣይ ዲግ ዝበለ ተበላጻይ እዩ።

ብኣንጻሩ ዕላማ ክርስትያናዊ ሰናይ ግብሪ ንርእሰ-ጥቕሚ፣ ወይ ረብሓ ንምስሳን ወይ ናእዳ ንምእካብ ዝግበር ኣይኰነን። ኣገልግሎት ድኣ እምበር፣ ናቱ ሻራ ወይ ወገን ዝኾኑ ስም ዝረኽበሉ ፖለቲካዊ ወይስ ሃይማኖታዊ ኣጀንዳ የብሉን።

ጳውሎስ፣ እቲ ንክርስቶስ እተወፈየ ክርስትያን እቲ ዚገብሮ ኪፍጽም ዝድርኾ እንታይ ምዃኑ ኸጠቅስ፣

> "ግናኸ ክርስቶስ እዩ ኣባይ ዚነብር ዘሎ እምበር፣ ደጊም ኣነ ኣይኰንኩን ዝነበር ዘሎኹ፣፣ እዚ ሕጂ ብስጋ ዝነብሮ ዘሎኹ ድማ፣ ብእምነት በቲ ዘፍቀረኒ ምእን ታይውን ነፍሱ ዘሕለፈ ወዲ ኣምላኽ እየ ዝነብር ዘሎኹ፣" ይብል። (ገላ 2፣20)

"ሃበኒ ህበይ ይገብር፣" ከም ዝበሃል ዘስንፍ፣ ዘጉድም፣ ዝኣስር፣ ዝደቍስ ኣገልግሎታት ኣሎ። ኣገልግሎት ሰናይ ግብሪ ክርስትያን ግና ክብረት ናይቲ ሰብ ዘደንፍዕ እምበር ህበይ ኣይገብርን። የንፍዕ እምበር ኣየስንፍን። የብልሕ እምበር ኣየጕ ድምን። ስለዚ ኣበርክቶ ኣገልግሎት ሰናይ ግብሪ ክርስትያን ግናይ ሳዕቤን ዜይብሉ ጽቡቕ ኣገልግሎት ንኻልኦት እዩ።

ከምቲ ኣብ ማቴ 11፣2-6 ዘሎ፣ እቲ ዕዉር ይርኢ ደኣ እምበር ወትሩ ተመሪሑ ኣይከይድን። እቲ ሓንካስ ይኸይድ ደኣ እምበር ወትሩ ሰልፊፍ ኪብል ኣይነብርን፣፣ እቲ ለምጻም ይነጽህ ደኣ እምበር ክፍንፈን ኣይነብርን። እቲ ጸማም ይሰምዕ ደኣ እምበር ንሓዋሩ ተደፊኑ ኣይነብርን። ስለዚ ኣገልግሎት ክርስትያን ኣምላኽ ባህ ዝብለሉ ሰናይ፣ ቅዱስ እዩ።

#### ለ. ሰባት ንክርስቶስ ምእንቲ ክፈልጡን ክቕበሉን ክባረኹን እዩ።

ሰባት በቲ ሰናይ ግብሪ ናይ ክርስት

ያናት ዝረኸብዎ ምርሃውን ድጋፍን ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ግና እቲ ቐንዲ ዕላማ ካብኡ ንላዕሊ ዝዓበየ ንክረኽቡ እዩ። እቲ ሰናይ ግብሪ ከም ምስክር ኰይኑ ንየሱስ ክርስቶስ ክፈልጥዎን ክኣምኑን ክባረኹን ናይ ዘልኣለም ህይወት ድማ ክረኽቡን እዩ። (ዮሃ 10፣10፤ 20፣30-31)

## 3. ሰናይ ግብሪ ንመን?

ክርስትያን ዕድል ኣብ ዝረኸበሉ ሰናይ ግብሪ ዝንፈጎ ሰብ - ጸላእት'ውን እንተ ኾነ ክህሉ ኣይግባእን። *'እዚስ ሕራይ ድኣ ኹን፣'* ኢልካ ክሳቐን ክህሰን እትሓድጎ ሰብ ኪህሉ ኣይግባእን። ኣብ ክርስታያናዊ ሰናይ ግብሪ ሌላን ጉሌላን የልቦን። (ማቴ 5፣43-48)

ካልኣይ፣ ክርስትያናት ሰናይ ግብሪ ከዘውትሩ ዝዓበየ ዕድል ዝህቦም ቤቶም፣ ስድራ ቤቶም እዩ። ነዚ ኽጥቀሙሉ ይግባእ። (1ይ ጢሞ 5፣8)

ሳልሳይ፣ ሕብረት ኣመንቲ፣ ፍቕሪ፣ ምትሕልላይ፣ ምድግጋፍ፣ ሓቢርካ ምስራሕ፣ …ወዘተ፣ ኺህልዎ ተሳታፍነት ሰናይ ግብሪ ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣማኒን ፍቕሪ ሓድሕድን ይሓትት።(1ይ ቈረ 12፣26) ሕብረት ኣመንቲ ህይወት ዘለዎን ምዉቕን ምስ ዝኸውን ኣካል ሓድሕድ ይኾኑ።

- ንሓድሕድና ንከባበር። (ሮሜ 12፣10)
- ስሙር ሕሳብ ይህልወና። (ሮሜ 15፣5)
- ምቕብባል ይህልወና። (ሮሜ 15፣7)
- ንሓድሕድና ንመዓዓድ። (ሮሜ 15፣14)
- ሰላም ሓድሕድ ይዓዝዝ። (ሮሜ 16፣16
- ንሓድሕድና ተገላገልቲ ንኸውን። (ገላ 5፣13)
- ጾር ሓድሕድና ንጸውር። (ገላ 6፣2)
- ኣብ መንጎና ምጽውዋር ይህልወና። (ኤፌ 4፣2)
- ንሓድሕድና ትሕት ንብል። (ኤፌ 5፣21)
- ንሓድሕድና ንጸናናዕ። (1ይ ተሰ 5፣11)

በዚ ኣመነቲ ባህ ይብሎም ጐይታ ኸኣ ይሕጐስ፣፣ ሽዑ ንዓለም ኼገልግሉ ይኽእሉ። (ሮሜ 12፣5)

## 4. ሰናይ ግብሪ ብኸመይ ይማላእ?

ሓደ ኣማኒ ሰናይ ግብሩ ብዝተፈላለየ ብዙሕ መገድታት ኽገብሮ ይኽእል። ንምሳሌ፣ ብገንዘቡ፣ (ምሳ 3፣9-10 እብ 7፣6፣፣ ግብ 10፣1-2፣፣ ሚል 3፣10) ብኽእለቱን ጊዚኡን፣ (ዘፍ 18፣1-7) ከምኡ'ውን ብጉልበቱ፣፣ (2ይ ነገ 6፣1-5)

እቲ ዝማላእ ሰናይ ግብሪ ናይ ምሃብ ኰነ ወይስ ምግልጋል ብልግሲ፣ ብሕጉስ ልቢ፣ ከም ዓቕምኻ፣ ሰብ ይርኣየለይ ኢልካ ዘይኰነስ ንኣምላኽ ኢልካ ክኸውን ኣለዎ፣፣ (ዘዳ 6፣5፣፣ ማር 12፣43-44፣፣ 2ይ ቈረ 9፣7፣፣ 8፣2-3፣፣ ሉቃ 8፣1-3፣፣ ማቴ 6፣3-4)

ንኣብነት፣ ሙሴን ህዝቢ እስራኤልን ኣብ በረኻ ከለዉ፣ ኣብ ዘይምቹእ ኵነታት ኢና ዘሎና ኢሎም ኣመኽንዮም ንምስራሕ እቲ ድኳን ምርኻብ (ናይ ኣምልኮ ቦታ) ኣይሓደጉን፣፣ ለጊሶም ሃቡ። ነሲሖም ተዓጠቑ እሞ ሃነጽዎ ድማ፣፣ (ዘሁ 31፣48-54፣፣ ዘዳ 12፣5 1-15)

ንጉስ ዳዊት፣ ኣብ 2ይ ሳሙ 7፣1-1-2 ከም እንምልከቶ፣ መጀመርያ ቤተ-መቕደስ



ኣምላኽ ክሃንጽ ሓሊኑ ስለ ዘንቀደ ዝከኣሎ ምድላው ከም ዝጀመረ፣ ደሓር'ውን ንወዱ፣ ሰሎሞን፣ ጸዊዑ ንእግዚኣብሄር ኣምላኽ እስራኤል ቤት ክሰርሓሉ ከም ዚኣዘዞ ነንብብ። (1ይ ዜና 22፣7) ንኹሎም ሓላቑ ቤት እስራኤል ድማ ይምዝዞም። (1ይ ዜና 22፣14-19)

ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ምስዮናዊ ኣገልግሎቱ ካብ የሩሳሌም ጀሚሩ ክሳዕ ሮማ እናዞረ ዳርጋ ንሰላሳ ዓመታት ወንጌል የበስር፣ ማሕበራት ከኣ ይተክል ነይሩ፣፣ በይኑ ግና ኣይገበሮን። ኣይምኸኣሎን ድማ፣፣ ከም ኣመንቲ ብደገፍ ውህበቶምን ጸሎቶምን ዘይሓደግዎ ናይ ፊሊጲ ማሕበር ድማ ነይሮም፣፣ (ፊል 1፣3-5፣፣ 4፣18 2ይ ቈረ 8፣2-3)

ሙሴ ኣብ ዘሌ 19፣9-10 ንዘኽታማትን ንመበለታትን ክንኣሊ ምሕጽንታ ይህበና፣፣ ምዩለር፣ ን2000 ዝኣኽሉ ዘኽታማት ኣወዳትን ኣዋልድን ኣዕቢቡ ዘዕበየ እንግሊዛዊ እዩ፣፣ ኣብቲ ሓምለ 1829 ዝሃቦ ምስክርነትት፣ "ንስራሕ ኣምላኽ ፈጺመ ተወፌኹ። ምንዮተይ ክብረተ ይ፣ ገንዘበይ፣ ሓይለ ይ፣ ኣእምሮይ ኩሉ ኣብ እግሪ የሱስ ወፍየ ንቓል ኣምላኽ ፈተኹ።" ይብል።
("Deeper Experiences of Famous Christians, by James G. Lawson")

> ክርስቶስ ጸግኡን በረኸቱን ስለ ዝሃበና እቲ ናይ ክርስቶስ ባህሪ ኣባና ይሓድር እሞ ፈቲና ንገዛእ ርእስናን ንስድራናን ንኻልኦት ክርስትያናትን ንዓለምን፣ ንጸላእትና'ውን ከይተረፈ ሰናይ ግብርና ነርኢ።።

ብወገንና ንሰናይ ግብሪ እንኽተሉ ኣጀንዳታትን ኣገባባትን ክህልዉ ይግባእ። ንምሳሌ፣-

- ኣብ ዘዘሎናዮ ዱልዱል ቤት ኣምላኽ ክንምስርት፣ ካብኡ ኣመንትን ካልኦትን ዘዕንገልሉ ኣገግሎታት ከነዋፍር፣
- ቃል ኣምላኽ ዝምህሩን ወንጌል ዘበስሩን ናብ ኩሉ ከነዋፍር፣
- ብሕርሻ ይኹን ካልእ ሞያታት ብምግ ልጋልን ምስልጣንን ንዝጸበቦም ከነርሁ፣
- ዝተሸገሩ ዘኽታማት መበለታት ንምር ዳኣ ሰዊእና ምሃብ። (ኤር 22፣፣16 ያእ 1፣27)

## 5. ሕድርና ከመይ ኣሎ?

ኣብ ፍርዲ ሰማይ ምስ በጻሕና ተኾኒንና ከይንርከብሲ ብዛዕባ ሰናይ ግብሪ ዘሎና ሕድሪ ሚዛንና ከመይ ከም ዘሎ መርመርቲ ልቦም ንኹን፣፣

ሀ. ዕሽረይን መባእይን እህብዶ ኣሎኹ ኢልና ንህይወትና ንመርምር፣፣ George Barnes ብዝገበሮ መጽናዕቲ ዕሽሮምን ጊዚኦምን ዘይውፍዩ ኣመንቲ 80% ይኾኑ።

ለ. ንእተጨነቑ ካልኦት ከርሁ ካብ ዘሎኒ ንኽገልግሎም ኢለዶ እዋፈር ኣሎኹ?

ሐ. ዕላማ ናይ ዝገብሮ ሰናይ ግብሪ ንሰባት ናብ ክርስቶስ ንምምጻእ ምዃኑ ተረዲኣ፣-

- ብጥንቃቐን ሓላፍነት ብዝሕተተሉ

ን'ዶ ኣገልግል ኣሎኹ? (1ይ ቈረ 16፣1-4)

- ምስ ካልኦት ኣሕዋትኻ ብሕብረት እሰርሕዶ ኣሎኹ? (ንምሳሌ፣ ምስ ካልኦት ቤተ-ክርስትያናት ተሓባቢረን ዝሰርሓ ቤተ-ክርስትያናት 3% እየን)
- መንግስቲ ኣምላኽ ምእንቲ ኺት ምስረትን ክትድንፍዕን ትርፊ ክህልወኒ ጥራይ ከሎ ዘይኰነስ ክርሳዕ ዘይግብኦ ሓላፍነተይ ምዃኑ ተረዲኤ ተሓጕሰን ብመስዋእትንዶ እህብዶ ኣለኹ? ንዝመጹ ወለዶታት ብምሕሳብዶ እውፊ ኣለኹ? (ዮሃ 3፣16)
- ኣምላኽ ብሰናይ ግብርና ደስ ከም ዚብሎ ኣይንረስዕ። ከምኡ'ውን ደቂ ኣምላኽን ማሕበር ኣምላኽን ንሰናይና ባህ ከም ይብሎም እዩ። (1ይ ቆረ 16፣15 — 18። 15፣58

## 6. ሰናይ ግብሮም ዝዘንግዑ ክርስትያናት እንተ ኾንናኸ?

- ንናዘዝ (ነህ 1:6)
- ብሓድሽ መንፈስ ኲላትና ንኣምላኽ ንወፊ። ከም ሃዋርያ ጳውሎስ "እውፊ ኣሎኹ ንክርስቶስ" እንተ ሞትኩ ድማ ክርስቶስ ብኣይ ይኸብር፡" ኢልና ንወፊ።
- ምሃብ ብምሃብ ኢና እንጅምሮ። ምሃብ ብእምነት ንጀምር። ንቐጽሎ ድማ። (ፊሊ 2:13)
- ብዛዕባ ምምስራት ቤተ-ክርስትያን ዚምልከት ሰሚናራት ከምኡ'ውን ምውጻእ ገንዘብ ይሃልወና።

- ንየሱስ ክርስቶስ ኢልና ናብ ዓለም ንውፈር። (ማቴ 25:40)
- ካብ ሓጢኣት ናይ ብዓል ሰዶም፡ ከምኡ ኸኣ ምዝንጋዕ ናይ ሌዋውያን ሓላፍነትን ንተሓሎ። (ህዝ 16:49)|

ኣብ ላዕሊ ክንርእዮ ዝጸናሕና ኣብ ግብሪ ንምውዓል እታ ቐዳመይቲ ስጕምቲ ናትና ምዃና ኣይንረስዕ። ጐይታ ይ7ደግፈና።